# <u>ሕሰም ሳላ ተጻወርና ኣብ ራህዋ በጺሕና</u>

ከም ካራ ብመብረድ ተሳሒሉ ዝበልሕ፥ ወዲ ሰብ ድማ ብተሞኩሮ ይበልሕ። ህዝቢ ኤርትራ ካብቶም ውሑዳት ሕብረተ-ሰባት ዓለም ብሕሱም ተሞኩሮ ተሳሒሉ ሰዊዱ ዝወጸ ህዝቢዩ። <u>"ነቲ መንኮን ይኽእሎ ዝተባህለ"</u> ሰንሰለታዊ መግዛእቲታት ሰሩ፥ ንሓያላን ኣማኸርቲ ጸላእትና ኣፎም ሎጊጉሙ ሕፍረትን ስዕረትን ዘሰከመ ህዝቢ እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ሕሱም ተሞኩሮ መግዛእቲ እሺ ኢሉ ከይተቐበለ፥ እንታይድኣ ካብኡ እናተማህረ ኣብ ጥቕሙ ዘውዓለ ህዝቢዩ። ከምቲ ማሕረሻ ብሓዊ ዝበልሕ ዝበሃል ኤርትራዊ ድማ ኣብ ብረታዊ፡ ፖሎቲካ፡ ሕጋዊ ኩናት ተሳሒሉ ዝተብዔ ህዝቢዩ። ስለ ዝኮነ ከኣዩ ዓወት ዘይፍለዮ ህዝቢ ዘበለና። ዓቕሊ ዘጽብብ ተጻዋርነት ዘይብሉ ሰብ ከምቲ ነጋዳይ ኣታዊኡን ወጻኢኡን ኣመዛዚኑ ዘይፈልጥ ኣብ መወዳእታ ብኽሳራ ዝድምድምዩ። ሕሰም ዘይፈልጥ ጣዕሚ ራህዋ ክፈልጥ ዘበት።

ሎሚ ኤርትራ ሃገርና ሳላ ዝሓለፉ ተሞኩሮታት ከም መምሃሪ ዝተጠቐምናሎም ኣሉታታት ወጊድና ኣዎንታዊ ሰኒቕና ኣብ ንጉዓዘሉ ዘሎና እዋን፥ ንጉሆ ንግሆ ከም <u>**ጉላ**</u> በሪኽና ንሓድር ኣሎና። ብተስፋ ምምባር ዘይኮነ ራኢ ኣብ ተግባር ተቐይሩ ሃገርና፡ ሃገር ሓበን ኮይና ኣላ። መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ምክልኻልን ህንጻት ሃገርን ዘሎ ነቲ ትማል በቦታቱን ኣደታቱን ዝተሰርሔ ቅያታት ሰኒቑ ተኣምር ከሰርሕ ከሎ፥ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ድማ መንእሰይ ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን (መህግደፍ፥ YPFDJ) ዝብል ውዳበ ተወዲቡ ካብ ኣደታቱ፡ ኣቦታቱን ኣያታቱን ተሞኩሮ እናሰነቐ፥ ናቱ <u>**ንመንእሰያት ሕድሪ**</u> እናስነቐ፥ ኣነ ህዝባዊ ግንባርየ እናበለ ኣብ መበል 14 ዋዕላኡ ኣብ ኤውሮፓ ብዓውጻ የንጎድጉድ ኣሎ።

እተን ዓሚ ከም ኣንተና ቅርኒብ ኣዒንተን ጢው ኣቢለን ዘዕገርግራ ዝነበራ ኣናጹ ኣብ ፈኛቱራ ኤውሮጳዶ ጢሒለን ወይ ኣብ ሓዘን ስዕረት ህውሓት ከሳስያ ተኣኪበን?

ዮውሃና ንመበል 14 ዋዕላ መ.ህ.ግ.ደ.ፍ. ኤውሮጳ
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
መጋቢት 31, 2018